

TCOGLA

# ማሕበር ተጋሩ ኣብ ሎስ ኣንጀልስን ከባቢኣን

Tigrean Community of Greater Los Angeles
P. O. Box 741150, Los Angeles, CA. 90004
(626)241-4433 & (206)660-7387



## "ናይ ሓዘን መግለጺ!"

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ የመንን፣ ደቡብ ኣፍሪቃን፣ ሊብያን ኣብ ስደተኛታት ኢትዮጵያውያን ዝወረደ ግፍዒ፤ ብጥይት ዓረር፣ ብኻራ፣ ብሓውን ኣእማንን ብዙሕ መከራ ዝረኣዩን ዝተቐትሉን፣ ብፍላይ ድማ ጻዒሽ እተብሃለ፣ መበቆሉ ኣብ ሊብያ ዝኾነ ኣሸባሪ ጉጅለ፣ እኽብካብ ኣኽራሪ ሃይማኖት ኣብ ሠላሳ ንጹሓን መንእሰያት ኢትዮጵያውያን ከም በጊዕ ምሕራዱ፣ ወሰን ብዘይብሉ ሓዘን ኣብ ሃገርን ወጻእን ዝርከቡ ኢትዮጵያውያን መዓንጥኦም ከም እተቆርጹ ኩሉ ሕሊና ዘለዎ ሰብ ዝፈልጦ እዩ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ኢትዮጵያውያን ዝወረደ ተደራራቢ ሓዘንን ጓህን ሃንደበታዊ እንተ ኾነውን፣ ብፍላይ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያውያን ዘውረድዎ ግፍዒ፣ ታሪኾም ኣዕሚቖም ዘይምፍላጦም ዘመልክት እዩ። ኣዕጽምቲ እቲ በኹሪ ኣቦ ነፃነቶም፣ ኔልሶን ማንዴላ፣ በዚ ዘሕዝንን ዘሕፍርን ድርጊቶም ኣብ መቓብሩ ከምዝንቅጥቀጥ ኣየጠራጥርን።

ኣብ ሎስ ኣንጀልስን ከባቢኣን እንነብር ተጋሩ ኢትዮጵያውያን፣ ነዚ መነጻጸሪ ዘይብሉ ኣረመናዊ እኩይ ተግባር እናወገዝና፣ እቲ ሓዘን ናይ ኩልና ኢትዮጵያውያን እኳ እንተኾነ፣ ብፍላይ ግን ንቤተሰብ እዞም ዕሸላት ኣሕዋትና፣ ፅንዓት ይሃብኩም ንብል።

እቶም ኣብ ሊብያ ይኹን ኣብ ካልእ ቦታ ብስም ሃይማኖት እስልምና ዝተልዓሉ ኣሸባሪ ጉጅለ፣ ናይ ነብይ መሓመድ ኣስተምህሮ ዘይሰረጾም፣ ትሕዝቶ ቅዱስ ቁርዓን ዘይተረድኡ፣ ተኸተልቲ ሃይማኖት ክርስትና ብምቕታል ዝጸድቁ ዝመስሎም፣ ግጉያትን ጥራዝ-ነጠቓት እዮም።

ነብዪ መሓመድ ኣብ ቁርኣን ከምዝመሃርዎ፤ "ንኢትዮጵያ ሓልውዋ፣ ጅሃድ ኢልኩም ክይትነኽእዋ፣ ንቤተሰበይ ኣዕቊባ ሰላም ዝሃበቶም ሃገር እያ!" እዮም ዝበሉ። ካብኡ ሓሊፎም ድማ ንተኸተልቶም ኣብ ሲናይ እምባ ንዝነበሩ ክርስትያን ባሕታውያን መነኮሳት ከይትነኽእዎም ሓደራ!" ኢሎም፣ ንኸይጓሳቖሉ፣ ክሳዕ መወዳእታ ብሰላማዊ ጉርብትና ሓቢሮም ክነብሩ ከምዘለዎም መምርሒ ዝሃቡ ነብዪ እዮም። ስለዚ እውን ኢና ነዞም ጥርቅምቃም ኣሸበርቲ ነቲ ቅዱስ ቁርዓን ኣየንበብዎን፣ ትሕዝቶኡውን ኣይፈልጥዎን፣ ኣይመርመርዎን እንብል።

ኣብ መወዳእታ እውን እዚ ተደራራቢ ሓዘን እዙይ ናይ ኩላትና ኢትዮጵያውያን፣ ኣስላማይን ክርስትያንን እዩ'ሞ፣ ብሓባር ቆይምና ነዞም ኣሸበርቲ ክነውግዞምን ክንቃወሞምን ይግባእ። ንኹልናውን ጽንዓት ይሃበና ንብል።

**ናይ ሎስ ኣንጅልስን ከባቢኣን ማሕበር ትግራይን ኣባላት ቦርድን**